# ቅርጺ ዋህዮ

*ዋህዮታት ብቕርፆም ብኸመይ ይፈላለዩ?*

ኣብ መንጎ ዋህዮታት ናይ ቅርጺ ኣፈላላይ ኣሎ:: ዝተፈላለዩ ሓደ ዋህዮኣዊ ህይወታውያን ዝተፈላለየ ቅርጺ ክህልዎም ይኽእል (ስእሊ 2.6 ርአዩ):: ንኣብነት ቅርጺ ፓራመስየም ሸበጥ፣ ቅርጺ ዋህዮታት ይስት ክብብ ዝበለ (እንቁላሊሕ ዝመሰል)፣ ቅርጺ ኣሜባ ቅርጺ ኣልቦ፣ ቅርጺ ክላማይዶሞናስ ክቢ፣ ወዘተ ከምዝኾነ ምግንዛብ የድሊ::

ቅርጺ ሰውነትና ዝሃንፁ ዋህዮታት እንትንርኢ ድማ ቅርጺ ዋህዮ መትኒ ነዊሕን ጨናፍር ዘለውዎን፣ ቅርጺ ዋህዮታት ቆርበት ሰፊሕን ረቂቕን፣ ቅርጺ ዋህዮታት ቀይሕ ደም ፀፋሕትን ክብን፣ ቅርጺ ዋህዮታት ጭዋዳ በላሕቲ ጫፋት ዘለዎም ፣ ወዘተ እዮም:: ስለዚ ብመሰረት ግደ ስርሖም በዝሃዋህያዊ ህይወታውያን ዝሃንፁ ዋህዮታት ብቅርጺ ዝተፈላለዩ ከምዝኾኑ ምግንዛብ የድሊ::

# መጠን ዋህዮ

*ዋህዮታት ብመጠኖም ብኸመይ ይፈላለዩ?*

መብዛሕትኦም ዋህዮታት ማይክሮስኮፓዊ እዮም:: ኣብመንጎ ሓደ ህይወታዊ ዝፈጥሩ ዋህዮታት ሰፊሕ ናይ መጠን ኣፈላላይ ክህሉ ይኽእል:: ንኣብነት ሰውነትና እንተወሲድና ዝተፈላለዩ ኣብ ሰውነትና ዝርከቡ ዋህዮታት ብመጠን ዝተፈላለዩ እዮም (ሰደቓ 2.3 ርአዩ):: ማይክሮስኮፓዊ ባህርያት ዋህዮ ዘየማልእን ፍሉይ ዝኾነን እንቁላሊሕ ኣዕዋፍ፣ተስሓብትን ሰጎምትን፣ወዘተ እዩ:: ምኽንያቱ ነዞም እንቁላሊሓት ብጥራሕ ዓይንና ክንሪኦም ስለንኽእል እዩ::

ሰደቓ 2.3: ሓድሓደ ኣፈላላያት ዓይነት፣ ቅርፅን መጠንን ዋህዮታት

| ዓይነት ዋህዮ | መጠን ዋህዮ ብማይክሮ ሜ ወይ 1/1000 ሚ.ሜ | ቅርጺ ዋህዮ |
|---|---|---|
| ዋህዮ ቀይሕ ደም | 9 | ፀፊሕ ክቢ ዝመሰል |
| እንቁላሊሕ ሰብ (ማህፀን እንቁላሊሕ) | 100 | ኦቫል (እንቁላሊሕ) መሰል |
| ኣሜባ | 90 | ቅርጺ ኣልቦ |
| መብዛሕትኦም ዋህዮታት ሰውነትና | 10-30 | ዝተፈላለየ |
| እንቁላሊሕ ጭንቁራዕ | 2 ሚሊ ሜትሮ | ክቢ |

**ትፈልጡዶ?**

* ዋህዮ መትኒ ዘራፍ እቲ ዝነውሐ ዋህዮ እንትኾውን ካብ ዕትብቲ ዓንዲሑቐ ክሳብ እግሪ እቲ እንስሳ ዝዝርጋሕ ክባቢ 2 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ እዩ::

ኣቑፅልቲ ብርሃን ፀሓይ፣ ማይን ካርቦንዳይኦክሳይድን ተጠቒሞም ብከይዲ ውህደብርሃን ምግቢ የዳልዉ።


እዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ግደ ስራሕ ኣቑፅልቲ እዮም፦

- ☑ ውህደብርሃን ብምክያድ ምግቢ ምድላው።
- ☑ ኣየር ምውፃእን ምእታውን።
- ☑ ከይዲ ህፈተእፅ /ትራንስፓይሬሽን/ ብምክያድ ማይ ካብ ተኽሊ ምቕናስ።
- ☑ ምግቢ ምኽዛን።


### *ቀንዲ ክፍለኣካላት ቆፅሊ እንታይ እዮም?*

ቆፅሊ ተኽልታት ሜዳ ቆፅሊ ዝበሃል ሰፊሕ ኣካልን ምስ ጉንዲ ዘተሓሕዞ ጉንዲ ቆፅልን ኣለዎ። እዚ ጉንዲ ቆፅሊ ናብቲ ሜዳ ቆፅሊ ገፅ ብምስፍሕፋሕ ናብ ማእኸላይ ፅሕጊ ቆፅልን ደቀቕቲ ጨንፈር ፅሕጊ ቆፅልን ይዝርጋሕ (ስእሊ 4.13)። ቆፅሊ ካብ ብዙሓት ፀፍፃፍ ዝተሰርሐ እንትኾን ኣብ መንጎ ክልተ ፀፍፃፋት /ላዕለዋይን ታሕተዋይን ንፃፋት/ ከም ሳንድዊች ተሰሪዖም ይርከቡ። ብተወሳኺ ላዕለዋይ ንፃፍ ቆፅሊ ስምዒ ዝመስል ነገር ብምፍልፋል ህፈት ማይ ዝከላኸል ስምዒ ቆፅሊ ይፈጥር። ካብዚ ብተወሳኺ ላዕለዋይን ታሕተዋይን ንፃፋት ቆፅሊ ብነፍሳትን ካልኦት ባልዓትን ሓደጋ ከይበፅሖም ይከላኸል። ኣብ ንፃፍ ቆፅሊ ፅምድታት ዋህዮ ዋርድያ ይርከቡ። ኣብ ማእኸል ሕድሕድ ፅምዲ ዋህዮ ዋርድያ ነኺል / ማፋ/ ይርከብ። ብማፋ ኣቢሉ ኣየር ንውሽጢ ቆፅሊ ይኣቱን ንደገ ይወፅእን። መብዛሕትኡ ከይዲ ምድላው ምግቢ ኣብ ዋህዮታት ቲሹ ሜሶፊል ይካየድ (ስእሊ 4.14 ርአዩ)።

> **ቁልፊ ቃላት**
>
> - ☑ **ሜዳ ቆፅሊ:-** ገፊሕ ክፋል ቆፅሊ እዩ።
> - ☑ **ማእኸላይ ፅሕጊ ቆፅሊ:-** ዝዓበየን ጥንኩርን ወይ ዋና ፅሕጊ ቆፅሊ ኮይኑ ኣብ ማእኸል ቆፅሊ ዝርከብ።
> - ☑ **ቲሹ ሜሶፊል:-** በዝሒ ሓምለዋይ ኽሎሮፕላስቲድ ዘለዎ ኣካል ቆፅሊ እንትኽውን ኣብ መንጎ ክልቲኦም ንፃፋት ይርከብ።
> - ☑ **ማፋ:-**ደቀቕቲ ነኻላት ኮይኖም ብኣብዝሓ ኣብ ታሕተዋይ ንፃፍ ቆፅሊ ይርከቡ።
> - ☑ **ዋህዮታት ዋርድያ:-** ንማፋ ከቢቦም ዝርከቡ ፅምዲ ጎባብ ዋህዮታት ቆፅሊ።




ስእሊ 4.13: ቆፅልን ደጋዊ ክፍለኣካላቱን




ስእሊ 4.14: ውሽጣዊ ክፍለኣካላት ቆፅሊ

## መልመዲ 6.3

ትኽክል ዝኾነ መልሲ ዝሓዘ ፊደል ምረፁ።

1 ብዛዕባ ሰንሰለታዊ ረኽቢ ምግቢ ትኽክል ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ ካብ ኣናእሽተይ እንስሳት ይጅምር።

ለ ካብ ፋንጋይ ይጅምር።

ሐ ኩሎም ኣብ ሰንሰለታዊ ረኽቢ ምግቢ ዝርከቡ እንስሳት ብቐጥታ ኣብ ሓምለዎት ተኽልታት ይምገቡ።

መ ካብ ሓምለዎት ተኽልታት ይጅምር።

2 ኣብ ፒራሚድ ጉልበት ዝበዝሐ ጉልበት ዝረኽቡ:-

ሀ ካልኣይ ተመገብቲ

ለ ቀዳማይ ተመገብቲ

ሐ ሳልሳይ ተመገብቲ

መ ኩሎም ማዕረ ይረኽቡ።

3 ተኽልታት:-

ሀ ንተመገብቲ ዝኸውን ምግቢ የዳልዉ።

ለ ጉልበት ብርሃን ናብ ጉልበት ኬሚካል ይቕይሩ።

ሐ መሰረት ፒራሚድ ቑፅሪ እዮም።

መ ኩሎም መልሲ እዮም።

4 ካብዞም ዝስዕቡ ተመጋቢ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ ንስሪ (ፅኽድም)

ለ ፈርን

ሐ ኣንጭዋ

መ ኣምበጣ

5 ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ብዛዕባ ፒራሚድ ጉልበት ብትኽክል ዝገልፅ እዩ።

ሀ ኣብ ሕድሕድ ብርኪ ዝርከቡ በዝሒ በላዕቲ ዘርእይ እዩ።

ለ ኣብ ሕድሕድ ብርኪ ረኽቢ ምግቢ ዝባኽንን ዝመሓላለፍን መጠን ጉልበት ዘርእይ እዩ።

ሐ ኣብ ፒራሚድ ንላዕሊ ኣብንኸደሉ እዋን ፍሰት ጉልበት እናወሰኸ ከምዝኸይድ ዘርእይ እዩ።

መ መልሲ ኣይተዋሃበን።

